# ጽሩዩነቱ ክረጋገጽ ዝኽእል ወረቐት ምስክር ኮሮና ንዕለት 11 ሰነ ንኣገልግሎት ክዳሎ’ዩ

ኣብ ውሽጢ ሃገር ክንጥቀመሉ ንኽእል ወረቐት ምስክር ኮሮና ን11 ሰነ ንኣገልግሎት ክዳሎ እዩ። ወረቐት ምስክር ኮሮና ክልተ ዝተፈላለዩ ገጻት ክህልዎ እዩ፡ እቲ ሓደ ገጻት ቅልል ዝበለ ንውሽጢ ሃገር ከገልግል እዩ፡ እቲ ካልኣይ ገጽ ድማ ኣብ ውሽጢ ክልል ኤውሮፓዊ ሕብረትን ቁጠባዊ ምትሕብባር ኤውሮፓን ንዝፍጸሙ ስግረ-ዶባት ዘገልግል’ዩ ክኸውን።

ወረቐት ምስክር ኮሮና ኣብ ክልተ ዝኽፈለሉ ዘሎ ምኽንያት ውልቃውያን ሓበሬታታት ክዕቀቡ ስለ ዘለዎም ኢዩ። ከምዚ ብምግባር ተጠቀምቲ እቲ ኣድላዪ ዝበሃል ሓበሬታ ጥራሕ ከርእዩ ይኽእሉ። ኣብ ውሽጢ ሃገር መብዛሕትኡ ግዜ ወረቐት ምስክር ኮሮና ብቐጐፅ ምዃኑ ጥራሕ ምርኣይ ኣኻሊ ክኸውን እዩ። ወረቐት ምስክር ኮሮና ኣብ helsenorge.no ብምእታው እዩ ዝርከብ፡ ኣብ ሞባይልካ ከተውርዶ ወይ ከኣ ኣብ ወረቐት ክሕተም ዝከኣል ኢዩ።

### ሕጋዊ እማመ ወረቐት ምስክር ኮሮና

–ንሕጋዊ እማመ ወረቐት ምስክር ኮሮና ዘማእከለ ዝተፈላለዩ ኣካላት ዝሃቡዎ ርእይቶታት መንግስቲ ክሰምዕ ጸኒሑ ኣሎ። ኩነታት ክታበት፡ ኣሉታዊ ውጽኢት መርመራን ሕማም ኮሮና ሒዙካ ብምንባሩ ብዩን ምዃንኳን ክነረጋግጸሉን ክንቋጻጸረሉን ዘኽእለና ውሑስ ስርዓት ክነተኣታቱ እዩ ድሌትና ይብል ሚኒስተር ጥዕናን ክንክንን በንት ሀይየ።

ሚኒስትሪ ጥዕናን ክንክንን ሕጋጋት ኣዳልዩ፡ እቲ ወረቐት ምስክር ምስ ሕግታት ኤውሮፓዊ ሕብረት ክርዕሞ ውን ውክልና ስልጣን ክወሃቦ ሓደ ክፋል ናይዚ ሕጋዊ እማመ እዩ። ሃገራዊ ባይቶ ነዚ ሕጋዊ እማመ ክውስኖ እዩ፡ ከምቲ መዲብናዮ ዘለና እንተደኣ ወሲኖም ከኣ **ኣብ ውሽጢ ሃገር** ካብ 11 ሰነ ኣትሒዙ ኣብ ግብሪ ክውዕል ይኽእል’ዩ። ሽዑ ክንቆጻጸሮ ንኽእል QR-ኮዳት ዘለዎ ጽሩዩነቱ ክረጋገጽ ዝኽእል ወረቐት ምስክር ኮሮና ክህልወና እዩ።

– ወረቐት ምስክር ኮሮና ድሩትነታት ንምፍጣር ዝዓለመ ከምዘይኮነ ኣገዳስነቱ ክስምረሉ እፈቱ። ንምፉኺሳት ጥራሕ ኢና ክንጥቀመሉ። ንኣብነት ምስ ወረቐት ምስክር ኮሮና ዘይብሎም ሰባት ብምንጽጻር እቶም ዘለዎም ኣብ ዕብይ ዝበሉ እንግዶታት ክሳተፉ ይኽእሉ ይብል በንት ሀይየ።

### ኣብ ወጻእሃገር ክንጥቀመሉ ንኽእል ወረቐት ምስክር ኮሮና

እቲ ካልኣይ ገጽ ወረቐት ምስክር ኮሮና ኣብ ኤውሮፓዊ ሕብረትን ክልል ቁጠባዊ ምትሕብባር ኤውሮፓን ዶባት ንምስጋር ክኽእለና እዩ። እቲ ሓባራዊ ፍታሕ ኤውሮፓ ብዝለዓለ ተኽእሎ ኣብ መጀመርታ ወርሒ ሓምለ ንኣገልግሎት

ድሉው ክኾውን እዩ። ዲጂታላዊ ወረቐት ምስክር ኮሮና ዘለዎም ሰባት ህሉው ፍታሕ ተጠቒሞም ድሮ ካብ ጽባሕ ሓሙስ 3 ሰነ ሰዓት 12.00 ዶብ ሰጊሮም ንኖርወይ ክኣትዉ ከለዉ ክጥቀሙሉ ይኽእሉ እዮም።

– ንስግረ-ዶብ ዝምልከት ኤውሮፓዊ ሕብረት ዝያዳ ሓበሬታታት ክሓቱ ኢዮም፡ ስለዚ ድማ ኲነታት ክቱባት፡ ዝተመርመሩን ኮሮና ሓሚሞም ዝነበሩን ሓድሕዳዊ ፍልልዮም ክርአ ኣድላዪ ክኸውን እዩ። ንኣብነት ስም ክታበት፡ ክንደይ መራፍእ ክታበት ከምዝተወግአን ዕለተ ክታበትን ምርኣይ ኣድላዪ ክኸውን እዩ። ስለዚ ኢና ሕጂ ተወሳኺ ሓበሬታ ዘለዎ ክፋል ወረቐት ምስክር ኮሮና ነዳሉ ዘለና ይብል ሚኒስተር ጥዕናን ክንክንን በንት ሀይየ።

መንግስቲ ዛጊት ኣድለይቲ ዘይኮኑ መገሻታት ንከነውግድ እዩ ዝላዎበና ዘሎ። እዚ ንመገሻታት ዝምልከት ምኽሪ ክሳብ 1 ሓምለ ዘሎ እዋን እዩ ክምልከተና፡ ግን ቅድሚኡ ከም ብሓድሽ ገምጋም ክግበረሉ እዩ። እቶም ክገሹ ዝመርጹ ሰባት ኣብቲ ዝገሹዎ ሃገር ዘሎ ሕግታት ውሽባን ምክልኻል ለብዕን ከጽንዑዎ ኣለዎም። ካብ ሃገር ናብ ሃገር ይፈላለ እዩ።

**ካብ ወጻኢ-ሃገር ንኖርወይ ዝኣትው ገያሾ**

ክሳብ 11 ሰነ ዘሎ እዋን ገያሾ ኣብ መወሸቢ ሆቴል ካብ ምእታው ክድሕኑሉ ዝኽእሉሉ ግዝያዊ ፍታሕ ከነተኣታቱ ኢና፡ ማለት ኣብ ዶብ ከምዝተኸተቡ ወይ ዝሓለፉ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ኮቪድ-19 ከምዝሓመሙ ኣብ helsenorge.no ብማታው ከረጋግጹ ክሳብ ዝኽኣሉ ኣብ ቤቶም ወይ ካልእ ዝተመቻቸአ ቦታ ክውሸቡ ይኽእሉ ኢዮም። ኣብ ዶብ ዲጂታላዊ ሓበሬታ ናይ ምቁጽጻር ሓላፍነት ንፖሊስ ክወሃቦም እዩ።

– ኣብ ቁጽጽር ዶብ ኣብ helsenorge.no ኣቲኻ ከምዝተኸተብካ ወይ ኮሮና ሓሚምካ ከም ዝነበርካ ከተርኢ እንተኽኢልካ ኣብ መወሸቢ ሆቴል ምእታው ኣየድልየካን እዩ። ኣብኡ ንምእታው ፖሊስ ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ወረቐት ዝተሓትመ ሓበሬታ ወይ ናይ ካልኦት ሃገራት ሰነዳት ምስ ዝህልወካ ጽሩዩነቶም ከነረጋግጾ ስለዘይንኽእል ኣብ መወሸቢ ሆቴል ክትኣቱ ክትግደድ ኢኻ። እዚ ግዝያዊ ፍታሕ ኮይኑ ካብ 3 ሰነ ክሳብ 11 ሰነ እዩ ክጸንሕ ትብል ሚኒስተር ፍትሕን ድሉውነትን ሙኒካ ሜላንድ።

እቶም ብዲጂቲላዊ ኣገባብ ኣብ helsenorge.no ብምእታው ብዩናት ከም ዝኾኑ ከረጋግጹ ዝኽእሉ ካብ መወሸቢ ሆቴል ወጺኦም ዝተረፈ ግዜኦም ኣብ ቤቶም ክውሸቡ ይኽእሉ ኢዮም። ሚኒስተር ፍትሕን ድሉውነትን ነዚ ዝኸውን ግብራዊ ፍታሓት ንምርካብ ይሰርሑሉ ስለ ዘለዉ ምስ ወድኡ ብዝቐልጠፈ ክሕብሩና'ዮም።
እዚ ግዝያዊ ፍታሕ ካብ ሓሙስ 3 ሰነ ሰዓት 12.00 ኣብ ግብሪ ዝውዕል ኲይኑ ክሳብ QR-ኮድ ዘለዎ ወረቐት ምስክር ዝዳሎ እዩ ከገልግል።

– ሕጂ ዝገሹ ይበዝሑ ከምዘለዉ ንርኢ ስለ ዘለና እዞም ምቅይያራት ምስ ተኣታተዉ ውን ገያሾ ዝያዳ ክበዝሑ እዮም ዝብል ግምት ኣለና። ስለዚ እቶም ኣድለይቲ ዘይኮኑ መገሻታት ኣወግድ ዝብሉ ምኽርታትና ዳግም ከስምረሎም እፈቱ፡ ኮይኑ ከብቅዕ ከምኡ ከሎ ክነሱ ክገይሽ እየ እንተደኣ ኢልካ ኣብ ዶብ ነዊሕ መስርዕ ክህሉ ከምዝኽእል ናተይ ኢልና ክንሕዞ ኣለና። ዛጊት ኣብ ዶብ ቁጽጽርን መርመራታትን ይካየድ ከም ዘሎን ፖሊስ ከኣ ዓቕምታቶም ደረት ከምዘለዎ ሚኒስተር ጥዕናን ክንክንን በንት ሀይየ ብወገኑ የስምረሉ።

ካብ 11 ሰነ ክሳብ እቲ ብርክት ዝበለ ሓበሬታ ዘለዎ ወረቐት ምስክር ኣብ መጀመርታ ሓምለ ዝዳሎ ካብ ወጻኢ-ሃገር ናብ ኖርወይ ዝምለሱ ብዩናት ዝኾኑ ተቐማጦ ኖርወይ እቲ ሃገራዊ ፍታሕ ኣብ ዶብ ክጥቀሙሉ ይኽእሉ እዮም። ሽዑ ክትበቶም ዘረጋግጽ ወይ ኮሮና ሓሚሞም ከም ዝነበሩ ዘርኢ ተወሳኺ ሓበሬታ ዘለዎ ገጽ ከርእዩ ይኽሉ ኢዮም።

**ዘይዲጂታላዊ ተጠቀምትን ምቁጽጻር ወረቐት ምስክርን**

ዘይዲጂታላዊ ተጠቀምቲ ንዝኾኑ ኣብ helsenorge.no ዝርከብ ስርዓተውክልና ስልጣን ተጠቒሞም ካልእ ሰብ ወረቐት ምስክር ኮሮና ሓቲሙ ከውጽኣሎም ከወክሉዎ ይኽእሉ እዮም። እቶም ሞባይል፡ ታብለት ወይ ኮምፕዩተር ዘይጥቀሙ ሰባት'ውን ንዕኦም ዝኸውን ፍታሕ ውን ይስረሓሎም ኣሎ፡ እዚ መታን ሕታም ወረቐት ምስክር ኮሮና ንክስደደሎም ተባሂሉ ኢዩ።

ከም ተወሳኺ ወረቐት ምስክር ኮሮና ኣብ ዶብ ወይ ኣብ ውሽጠ ሃገር ዝካየዱ እንግዶታት ንዝቆጻጸሩ ኣካላት ዝኸውን ብQR-ኮዳት ዝድገፍ ተክኒካዊ መቆጻጸሪ ፍታሕ ይስረሓሉ ኣሎ። ኣብዚ ዘለናዮ ሰሙን ኣብ ምፍታን ኢዩ ዘሎ።